MENORA MIVTACHIM
INSURANCE LTD

## 1. ዝርዝራዊ ሓበሬታ ሕጹያት ኢንሹራንስ
(ኩሎም ኣገደስቲ ዝርዝራት ኪምልኡ ኣለዎም)

**ቅጥዒ እማመ መድሕን ን** ☐ ብወግዒ ዝጸደቐ እስራኤላዊ ፈቓድ ስራሕ ዘውጽአ ወጻእተኛ ☐ በጻሒ ☐ ዘይተፈቐዶ ወጻእተኛ ሰራሕተኛ ኣብ እስራኤል።

ዓይነት እ ማ መ ☐ ቀዳማይ ፖሊሲ ☐ መቐጸልታ ቍጽሪ ፖሊሲ ____________________

**ኣነ፡ ፈርማይ ኣብ ታሕቲ ዘንበርኩ፡ ኣነን ኣባላት ስድራቤተይን (ኣብ ታሕቲ እተዘርዘሩ) ኣብ ሚኖ - ሜዲክ ቶፕ መድሕን ክንኣትው እሓትት**

ፖሊሲ መድሕን፡ ኣብ ውሽጢ እዚ ጊዜ ኣ/ተ ካብ፥ (ዕለት/ወርሒ/ዓመት) ___ / ___ / ___ ክሳብ፥ (ዕለት/ወርሒ/ዓመት) ___ / ___ /_____

**መድሕን ናይ ዝኣተወ ስም ኣባሓጎ** **መጸውዒ ስም** ዕለተ-ልደት ዕለ/ወር/ዓመ ___ / ___ / ___ ሃገር **ዜግነት** ቍጽሪ ፓስፖርት

**መድሕን ናይ ዝኣተወ ኣድራሻ ገዛ**
ጎደና ቍጽሪ ክፍለ-ሃገር (ኣውራጃ) ከተማ ኮድ ሃገር ተሌፎን

**መድሕን ናይ ዝኣተወ ኣድራሻ ኣብ እ ስ ራ ኤ ል**
ቍጽሪ ጎደና ከተማ ኮድ ተሌፎን

**መድሕን ጥዕና ኣብ እስራኤል ተሸፊኑልካ ይፈልጥዶ?**
**መድሕን ዝኣተኻሉ እዋን** ____________________
**መድሕን ዘየሐደስካሉ ምኽንያታት**
**ተትክኽዶ?** ☐ኣይፋል ☐ እወ

**ሰነድ ጥዕና -** (ሽሕ'ኳ እዚ ሰነድ ብውክልና ተባዕታይ እንተ ተጸሓፈ፡ ንክልቲኡ ጾታ ኬገልግል ዝሓለነ እዩ)
ብኽብረትካ ነዞም ዚስዕቡ ሕቶታት ብምሉኦም መልሶም። ንነፍስ-ወከፍ ሕቶ ኣብ ዓምዲ "እወ" ወይ "ኣይፋል" ምልክት እናኣንበርካ፡ እቲ ርኽበት ኣዎንታ እንተ ኾይኑ፡ ቍጽሪ ሕቶን ዝርዝራትን ኣብ መስመር "ዝርዝራት ኣዎንታዊ ርኽበት" ጸሓፍ።

| **ሓፈሻዊ ሕቶታት** | **እወ** | **ኣይፋል** | |
|---|---|---|---|
| 1. ቍመት ____________ ሜትር ሚዛን ____________ ኪሎግራም። | | | |
| 2. ኣብ ዝሓለፈ 12 ኣዋርሕ ኣብ ክብደትካ ዝኾነ ለውጢ ነይሩዶ (ካብ ምንካይ ኣመጋግባ ወጻኢ)? | | | |
| 3. ሕጂ፡ ወይ ኣብ ሕሉፍ፡ ኣልኮላዊ መስተ ወይ ሓሽሽ ተህልኽ ነይርካዶ? | | | |
| 4. ሓደጋ ብዘስዓቦ መዘዝ ብዝኾነ ሕማም፡ ጉድኣት ወይ ማህሰይቲ ሕጂ ትሳቐ ኣለኻ፡ ወይ ኣብ ሕሉፍ፡ ትሳቐ ነይርካ ዲኻ? መብጣሕቲ ተገይሩልካ ይፈልጥዶ? ኣብ መጻኢ ብዛዕባ ኣድላይነት መርመራታት ናይ ዜስፋሕፍሑ ሕማማት፡ ሕክምና ወይ ዝኾነ መብጣሕቲ ኣፍልጦ ኣለካዶ? | | | |
| 5. ኣብ ሆስፒታል ወይ ትካል ጥዕና ተሓኪምካ ትፈልጥዶ? (ኣበየናይ፡ መኣስ፡ ምኽንያት)። ጽማቕ ኲነታት ሕማምን እዋናዊ ሓበሬታን ኣተሓሕዝ። | | | |
| 6. ዝኾነ ሕክምናዊ ክንክን ወይ ሕክምናዊ ክትትል ይግበረልካ ኣሎ ድዩ? | | | |
| 7. ብቐጻልነት ወይ ብጊዝያውነት እትወስዶ መድሓኒት ኣሎ ወይ ነይሩዶ? | | | |
| 8. ዝኾነ ካብዞም ዚስዕቡ መርመራታት ተገይሩልካ ወይ ተኣዚዙልካ ይፈልጥዶ፥ ምትካል መሸኒ ትቦ (catheterisation)፡ መርመራ ልቢ (cardiac scan)፡ መርመራ ዕዮ ልቢ (echocardiogram)፡ ኤምኣርኣይ፡ ሲቲ፡ ኢንዶስኮፒ፡ ሕበጥ መንሸሮ ዜግህዱ መርመራታት ወይ ካልእ ፍሉይ መርመራታት (መልስኻ እወ እንተ ኾይኑ፡ ብኽብረትካ ዓይነት መርመራ ግለጽ)። | | | |
| 9. ካብ እዋን ልደት ኣትሒዝካ ብዝኾነ ጸገማት፡ ተወርሶኣዊ ሕማም ወይ ስንክልና ትሳቐ ኣለኻ፡ ወይ ነይርካዶ? | | | |
| 10. ኣብዚ ቀረባ ጊዜ ኣብ ጥዕናኻ እተሰማዓካ ምንቅልቓል ኣሎዶ? | | | |
| 11. ኣብዚ ሕጂ እዋን ዝኾነ ሕማም ሓሚምካ ኣለኻ ዲኻ ወይ ዝኾነ ጸገማት ጥዕና ከም ዘለካ ትፈልጥ ዲኻ? ክንክን ወይ መድሓኒት ተዋሂቡካ ወይ ይወሃበካ ኣሎዶ? ብኽብረትካ እንተላይ ዚውሰድ መጠን መድሓኒትን ክንክን ዚውድኦ ጊዜን ኣነጽር. | | | |
| 12. ድሕሪ ዓመታዊ ምልጋስ ደም ካብ ባንክ ደም ሓበሬታ ተቐቢልካ ትፈልጥዶ? | | | |
| 13. ዝኾነ ካብዞም ዚስዕቡ ንጥፈታት ኣብ ምስልሳል ትጽገም ዲኻ፥ ምትንሳእ፡ ጎቦ ምኺን፡ ክዳን ምውጻእ፡ ምልባስ፡ ምሕጻብ፡ ጭሕሚ ምልጻይ፡ ምብላዕን ምስታይን፡ ምምንጫው ኣካላዊ ፈሰስቲ ምቍጽጻር፡ ምስጓም፡ ዘቤታዊ ዕዮታት ምዕያይን ምስልሳልን? | | | |

**MENORA MIVTACHIM**
INSURANCE LTD

| ሓፈሻዊ ሕቶታት | እወ | ኣይፋል | |
|---|---|---|---|
| 14. ድጐማ ክንክን ነርስ ካብ ሃገራዊ ትካል መድሕን ክትረክብ መሰል ኣለካ ወይ ትቕበል ኣለኻ ዲኻ? | | | |
| 15. ከፊል ጊዜኻ ወይ ምሉእ ጊዜኻ ክትሰርሕ ዜኽእል ዓቕሚ ብምስኣንካ ክትሳቐ ጸኒሕካ ወይ ትሳቐ ኣለኻ ዲኻ? | | | |
| 16. ታሪኽ ስድራቤት (ወለዲ፡ ቈልዑ፡ ኣሕዋት፡ ኣሓት፡ ሓወቦታትን ኣኮታትን፡ ሞታትን ሓውትኖታትን)፥ ብሕማማት ልቢ፡ ሽኮርያ፡ ወቕዒ ሓንጐል፡ ሕማም ኲላሊት፡ መንሽሮ፡ ካልእ ሓደገኛ ሕማማት ተሳቒዮም ይፈልጡዶ? | | | |
| 17. ንደቂ-ኣንስትዮ ጥራይ፥ ብኸም ዘይስሩዕ ወርሓዊ ጽግያት፡ ጸገማት ፍርያምነት፡ መድመይትን ሕበጣት ጡብን፡ ጸገማት ኣብ ማህጸንን ክሳድ ማህጸንን፡ ዘይስሩዕ ርኽበት ኣብ መርመራ ጺጋዪ ኣካላት (ከም መርመራ መንሽሮ ክሳድ ማህጸን (PAP smear)) ወይ ካልእ ዘይንቡር ተርእዮታት ጺጋዪ ኣካላት ዝኣመሰሉ ሕማማት ደቂ-ኣንስትዮ ትሳቐዩ ወይ ክትሳቐዩ ጸኒሕኪ ዲኺ?<br>ነፍሰ-ጾር ዲኺ? ክንደይ ዕሽላት? ኣብ ዝቐደሙ ጊዝያት ጥንሲ ወይ ኣብዚ ናይ ሕጂ እዋን ጥንሲ ብዝኾነ ጸገማት ክትሳቐዩ ጸኒሕኪ ዲኺ?<br>ብሕክምናዊ መብጣሕቲ ወሊድኪ ትፈልጢዶ? | | | |
| **ሕቶታት ብዛዕባ ሕማማት** ብነጸርታታት ናይዞም ዚስዕቡ ሕማማት ተታሒዝካ ወይ ተሳቚኻ ትፈልጥዶ | እወ | ኣይፋል | |
| 18. **ሻምብቆታት ልብን ደምን - ሀ. ሕማማት ልቢ፡ ቃንዛ ኣፍልቢ፡ ሕጽረት እስትንፋስ፡ ቅልጡፍ ህርመት ልቢ፡ ጸቕጢ ፍልቢ (angina pectoris)፡ ወቕዒ ልቢ (myocardial infarction)፡ ዘይስሩዕ ህርመት ልቢ፡ ጸገማት ሻምብቆ ልቢ፡ ተወርሶኣዊ ሕማም ልቢ፡ ሕማም ጭዋዳ ወይ ቲሹ ልቢ። ለ. ልዑል ጸቕጢ ደም። ሐ. ሻምብቆታት ደም፡ ኣብ እዋን ምንቅስቓስ ቃንዛ መሓውር፡ ምርጋእ ደም፡ ሕበጥ መትኒ ደም (varicose veins)፡ ዘይንቡር ተርእዮታት ዑደት ደም፡ እተጨበጡ ኣርተሪታት።** | | | |
| 19. **ስርዓተ-መትኒ - ምፍዛዝ፡ መርዘን፡ ንሓጺር እዋን ዚጸንሕ ምስሓት ሃለዋት፡ መልመስቲ፡ ኤፒለፕሲ፡ ቲ.ኣይ.ኤይ.፡ ምርሳዕ፡ ስእነት ምምዝዛን ሕልና፡ ክፍሊ ኣካላት ዜሰንክል (degenerative) ሕማም፡ ወቕዒ፡ ሓደጋ መትንታት ደም ሓንጐል (C.V.A)፡ ፈጥ ፈጥ ምባል፡ ሚዛን ዘይምሕላው፡ ሕማም ኣልዛይመርስ፡ ሕማም ፓርኪንሰንስ፡ ድኻም ኣእምሮ፡ እርጋን።** | | | |
| 20. **ጸገማት ኣእምሮ - ሕማም ኣእምሮ፡ ጸቕጢ፡ ስኪዞፍሬንያ፡ ጭንቀት፡ ፈተነ ነፍሰ-ቅትለት።** | | | |
| 21. **ሻምብቆ እስትንፋስ - ኣዝማ፡ ሕዱር ብሮንካይቲስ፡ ዘይንቡር ምውጣር ሰናቡእ (emphysema)፡ ቲቢ፡ ደም እተሓወሶ ኣኽታ፡ እናሳዕ ዚደግስ ረኽስታት ሻምብቆ እስትንፋስ።** | | | |
| 22. **ሻምብቆ ምሕቃቕ መግብን ጸላም ከብድን - ኣልሰር (peptic ulcer ወይ duodenum) ቀሓር፡ ሕዱር ረኽስታት መዓናጡ፡ መድመይቲ ሻምብቆ ምሕቃቕ መግቢ፡ ኤሞሮይዲ፡ ጸገማት መሃንቱስ፡ ሕዱር ሕማም ጸላም ከብዲ፡ ምፍሳስ ሓሞት (jaundice)፡ ጸጸር ሓሞት፡ ረኽሲ ቆስጢ፡ ወይቦ (ናይ ቫይረስ ወይ ካልእ)።** | | | |
| 23. **ኩላሊትን ሻምብቆ ሽንትን - ጸጸር ኩላሊት፡ ረኽስታት ኩላሊት፡ ዘይንቡር ቅርጺ ሻምብቆ ሽንቲ፡ ደም ወይ ፕሮቲን ኣብ ሽንቲ፡ ሕበጣት ኣብ ኩላሊት፡ ዘይጥዑይ ዕዮ ኩላሊት፡ ረኽሲ ነዝዒ ፕሮስቴት (prostatitis)።** | | | |
| 24. **ሕማማት ውሽጣዊ ነዝዕታትን ንመግቢ ናብ ጸዓት ናይ ምቕያር መስርሕን (Metabolism) - ሽኮርያ፡ ጕርንጕሪት፡ ሻምብቆ ሽንቲ፡ ሕበት ኣብ ኩላሊት ሻምብቆ ሰረበረም (cerebral ureter) ከምኡ'ውን ካልእ ነዝዕታት፡ ልዑል ደረጃታት ወይ ስብሒ ኣብ ደም (cholesterol፡ triglycerides)።** | | | |
| 25. **ቈርበትን ሩካቤ ስጋን - ጅግል፡ ምጕሊ ልፋጭ ኣብ ዜመንጭዉ መላግቦ ኣካላት (herpes)፡ ሕበጥ ቈርበት፡ ተውሳስ (moes); ምጕሊ ዚሓዘ ሕበጥ ቈርበት ወይ ጸገማት ምምካን and/or ጸገማት ፍርያምነት።** | | | |
| 26. **ቀተልቲ ሕማማት (መንሽሮን ኣይድስን) - ቀተልቲ ወይ ቅድመ-ማህሰይቲ ሕበጥ/ሕበጣት ወይ ኣይድስ፡ እንተላይ ተሰከምቲ፡ ዓይነት፡ ዕለትን ሕክምናዊ ክንክንን ኣነጽር ____________** | | | |
| 27. **መላግቦታትን ኣዕጽምትን - ረኽሲ መላግቦ (arthritis), ሕማም ልፋጭ ዜመንጭዉ ቲሹታት ኣብ መዓናጡ (galt), ቃንዛ ሕቘ ወይ ክሳድ፡ ዘባል መላግቦ፡ ካብ ቦታኡ ዚወጽአ መንኮብ፡ ብርኪ፡ ሕማማት ኣዕጽምቲ።** | | | |
| 28. ኣዒንቲ - ሓበላ ዓይኒ (ካታራክት)፡ ግላኮማ፡ ምሽውራር ኣዒንቲ፡ ዓይነ-ስዉርነት፡ ሕማማት ረቲና፡ ሕማማት ኮርንያ፡ ናይ ምርኣይ ጸገማት፡ ቍ. ዳዮፕተር. | | | |
| 29. ኣፍንጫ፡ እዝኒ ጕሮሮ - እናሳዕ ዚደግስ ረኽስታት ጕሮሮ ወይ እዝኒ፡ ነድሪ ሽፋን ሽከና (sinusitis)፡ ናይ ምስማዕ ጸገማት፡ ሕጽረት እስትንፋስ ኣብ እዋን ድቃስ። | | | |
| 30. አርንያ - መናድቕ ከስዐ፡ ረቃቒቶ፡ በሰላታት መብጣሕቲ ንከስዐ ካብ ዕትብቲ ኣብ ዚፈልይ ኣካልን ኣብ ድያፍራምን። | | | |
| 31. ካልእ ጸገማት ጥዕና ወይ ካልእ ኣብ ላዕሊ ዘይተጠቕሰ ሕማም። | | | |

ዝርዝራት ኣዎንታዊ ርኽበታት ______________________________

ቍጽሪ ፓስፖርት ____________________

MENORA MIVTACHIM
INSURANCE LTD

## 1. ቃለ-እምነት ብኣመልከትቲ / ሕጹያት መድሕን ኣነ/ንሕና፡ ኣብ ታሕቲ ፊርማና ዘንበርና፡

ሕጹያት መድሕን፡ ብመሰረት ትሕዝቶ ናይዚ ቅጥዒ (ድሕሪ ሕጂ፥ “እማመ መድሕን” ተባሂሉ ዚጥቀስ) ወሃቢ መድሕን ንሕጹያት መድሕን ኪኣትወልና እነሆ ንሓትት።

### ኣነ/ንሕና እነሆ ቃልና ብምሃብ ንሰማማዕን ቃል ንኣትውን፥

ሀ. ኣብቲ እማመ ወይ ኣዋጅ ጥዕና እተነጸሩ መልስታት ብምሉኦም ቅኑዓትን ምሉኣትን ምዃኖምን፡ ወሃቢ መድሕን ንእማመ መድሕን ከይቅበል ንውሳነኡ ዚጸልው ዝኾነ ይኹን ነገር ከም ዘይሓባእኩን።
ለ. ኣብቲ እማመ እተነጸሩ መልስታት፡ ንወሃቢ መድሕን ብኣይ ብጽሑፍ ዚወሃብ ዝኾነ ካልእ ሓበሬታ፡ ከምኡ'ውን ልምዳዊ ስምምዓት ወሃቢ መድሕን፡ ኣብዚ ጒዳይ፡ ኣብ መንጎይ / መንጎናን ወሃቢ መድሕንን ከም ስምምዓት ውዕል መድሕን እናኣገልገሉ፡ ካብኡ ተነጺሎ ዘይርአ ክፍሊ ኬቖጽሩ እዮም።
C. ኣነ/ንሕና ምቕባል ወይ ምንጻግ እማመይ/ና ኣብ ምሉእ ዊንታ ወሃቢ መድሕን ዚምርኰስ ምዃኑ፡ ብመሰረት ሕጋዊ መምርሕታት ንውሳነኡ ዝኾነ ይኹን መብርሂ ከይሃበ ነቲ እማመ ኪቕበሎ ወይ ኪነጽጎ መሰሉ ምዃኑ እነሆ ነረጋግጽን ንሰማማዕን።

### ኣነ/ንሕና ን ፈ ል ጥ ፥

1. ኣብቲ ፖሊሲ ተነጺሩ ከም ዘሎ፡ ንኣይ/ንኣና ኣገልግሎታት ጥዕና ክንደልይ ምኽንያት ዚኾነና ንፍጻመ መድሕን ዜቕውም ሕክምናዊ ኵነታት፡ ብመሰረት ፖሊሲ ቅድሚ እቲ ሽፈነ መድሕን ዝጀመረሉ ዕለት ወይ ቅድሚ እቲ ኣብዚ ኣብ እስራኤል ዘሎ ዝኾነ ኣስራሓይ፡ ንኣይ/ንኣና መድሕን ህኽምና ካብ ዘእተወና ቀዳመይቲ ዕለት (ካብዚ ንደሓር፥ “ቀዳመይቲ ዕለት” ተባሂሉ ዚጥቀስ) ኣትሒዙ ካብ ሕክምናዊ ኵነታት ዚምንጭው እንተ ኾይኑን፡ ሓደ ካብዞም ዚስዕቡ ተግባራዊ እንተኾይኑን፡ ኣነ/ንሕና ንኣገልግሎታት ጥዕና መሰል ኣይኪህልወናን እዩ፥

   ሀ. ኣነ/ንሕና እቲ ኣገልግሎት ንኼድልየና ምኽንያት ዚኾነና ነቲ ሕክምናዊ ጸገም ዜቕውም ፍጻመ መድሕን ኣቐዲሙ ካብ ዝጸንሐ ሕክምናዊ ኵነት ዚምንጭው ምዃኑ ኣነ/ንሕና ምስ እነረጋግጽ።
   ለ. ሓደ ሓኪም፡ ብመሰረት ዚቐረበሉ ርኽበታት፡ ኣነ/ንሕና እቲ ኣገልግሎት ንኼድልየና ምኽንያት ዚኾነና ሕክምናዊ ጸገም ኣቐዲሙ ካብ ዝጸንሐ ሕክምናዊ ኵነት ዚምንጭው ምዃኑ ምስ ዜረጋግጽ።
   ኣነ/ንሕና ካብ እስራኤል ወጻኢ ጊዜ ምስ እነሕልፍ፡ ድሕሪ ቀዳመይቲ መዓልቲ (ካብዚ ንደሓር፥ “እቲ ጻንሖት” ተባሂሉ ዚጥቀስ) ን90 ተኸታተልቲ መዓልታትን ልዕሊኡን፡ ወይ ንልዕሊ 120 ተኸታተልቲ መዓልታት እንተ ጸኒሑን እቲ ጻንሖት ኣብ ትሕቲ ሓደ ኣስራሓይ ኣብ እዋን ስራሕ ምስ ዚኸውንን — ቀዳመይቲ ዕለት፡ ኣነ/ንሕና ኣብ መቓን ሕክምናዊ መድሕን ካብ ዝኣተናላ ቀዳመይቲ መዓልቲ ድሕሪ እቲ ጻንሖት ተባሂሉ ይጽብጸብ።
2. ኣብ ላዕሊ ኣብ ዓንቀጽ 1 እተጠቕሰ ብዘየገድስ፡ ካብ ዕለት 17.10.2001 ወይ ካብታ ቀዳመይቲ ዕለት ሰለስተ ዓመታት ሓሊፉ እንተ ሃልዩ፡ ብመሰረት እተን ዳሕረዎት ክልተ፡ እቲ ኣቐዲሙ እተጠቕሰ ድሩትነታት ንኣይ/ንኣና መልኪቱ ተግባራዊ ኣይከውንን።
3. ብዘይካ'ዚ፡ ኣቐዲሙ ብዝጸንሐ ሕክምናዊ ኵነት ንኣወሃህባ ኣገልግሎት ዚምልከቱ ድሩትነታት ብመሰረት ፖሊሲ ብምኽንያት ህጹጽ ሕክምናዊ ኵነት ኣነ/ንሕና ኣገልግሎታት ጥዕና ኣብ እንደልየሉ እዋን ተግባራዊ ኣይከውንን። ኣብ ከምዚ ኵነት፡ ኵነታት ጥዕናይ/ና ተመሓይሹ ንዝያዳ ክንክን ካብ እስራኤል ወጻኢ ክ(ን)ለኣኽ ኺኽእለኒ(ና) ምእንቲ፡ ድሕረኡ ን30 መዓልታት ጥራይ ኣነ/ንሕና ንእተወሰነ ጊዜ ናይዞም ኣገልግሎታት ተጠቀምቲ ክንከውን ኢና።

## 2. ሕድገት ሕክምናዊ ምስጢራውነት

ሀ. ኣነ/ንሕና፡ ፊርማና ኣብ ታሕቲ ዘንበርና፡ ሕክምናውን ካልእን ምስጢራውነት ካብ ዘሎና ናይ ምዕቃብ ግዴታ ተበጊስና፡ ዝኾነ ሕክምናዊ ትካል፡ ዝኾነ ሕክምናዊ ላቦራቶሪ፡ ዝኾነ ሕክምናዊ ኮሚቴን ኩላቶም ኣብኡ ዘለዉ ሕክምናውን ካልእን ሰራሕተኛታት ብመንጽር ሜኖራ ሓላፍነቱ እተወሰነ ኩባንያ መድሕን (ካብዚ ንደሓር “ሜኖራ” ተባሂሉ ዚጽዋዕ) እነሆ ኣውጽእ።
ለ. ኣነ/ንሕና ኣብ ላዕሊ ንእተዘርዘሩ ብምሉኦም — እንተላይ ሕክምናዊ ኮሚቴታት ሃገራዊ ትካል መድሕን እስራኤል፡ ወሃብቲ መድሕን፡ ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ቤት ጽሕፈት ዲስትሪክት ጥዕና፡ ሰብ-መዚ ኣይዲኤፍ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻልን፡ ስሙ ኣብዚ ሕድገት ዘይተጠቕሰ ዝኾነ ካልእ ኣካል ወይ ትካል፡ ከምኡ'ውን ኣነ/ንሕና ኣብ ሕሉፍ መድሕን ንዝኣተናሉ፡ ወይ ኣነ/ንሕና ሎሚ ኣቲናሉ ንእንርከብ ዝኾነ ኩባንያ መድሕን፡ ኤኖራ ወይ ወኪላቱ፡ ብሓባር ወይ በበይኑ — ምስ ኩሉ ዝርዝራት፡ ብዘይ ፍሉይነት፡ ንኵነታት ጥዕናይ/ና ዚምልከትን ኣነ/ንሕና ኣብ ሕሉፍ እተሳቐናሉ ወይ ኣብ መጻኢ ዜሳቕየና ዝኾነ ሕማም ዚምልከትን እንተላይ ጸብጻባት ሕክምናይ/ና ወይ ሕክምናዊ ፋይለይ/ና ወይ ዝርዝር ዝረኣዩኒ/ና ሓኻይም ወይ ንማዕከን ጥዕና እተጸንበርኩ(ና)ሉ ዕለት ኪህባ እነሆ ፈቓድ እህብ።
ሕድገት ሕክምናዊ ምስጢራውነት ብመሰረት እዚ ፖሊሲ ንእተዘተዩ መሰላትን ግቡኣትን ኣብ ምብራህ ከከም ኣገዳስነቱ ኬገልግሉ፡ ወሃቢ መድሕን ከኣ ሕክምናዊ ሓበሬታ ደልዩ፡ ካብ ክስተት ህጹጽ ሕክምናዊ ረድኤት ወጻኢ፡ ንኣስራሓይ ኣይኪረኽቦን እዩ።
ሐ. ኣነ/ንሕና ንኹለን ኩባንያታት ወሃብቲ መድሕን ወይ ካልኦት ትካላት ሜኖራ ዜድልዮ ዝኾነ ሓበሬታ ወይ ሰነድ ወይ ፖሊሲ መድሕን ናብ ሜኖራ ኬሰጋግራ እነሆ ስልጣን ንህብ።
መ. ብመሰረት ፖሊሲ ሕክምናዊ ኣገልግሎታት ምእንቲ ኪወሃብ፡ ኣነ/ንሕና ዝኾነ ሕክምናዊ ወይ ውልቃዊ ወይ ካልእ ሓበሬታ ምስ ሜኖራ ምትእስሳር ናብ ዘለዎም ወሃብቲ ኣገልግሎት ሕክምና ኬሰጋግር፡ ንሜኖራ እነሆ ፈቓድ ንህብ።
ረ. ኣነ/ንሕና ብመንጽር እቶም ኣብ ላዕሊ እተጠቕሱ ምስ ምሃብ ኣገልግሎታት ዚተኣሳሰሩ ዝርዝራት፡ ዝኾነ ጠለብ ወይ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ናይ ይግበኣኒ ሕቶ ናብ ሜኖራ ወይ ናብ ወኪሉ — ብሓባርን ብተናጸልን ከም ዘይነቕርብ እነሆ ቃልና ንህብ።
ሰ. እዚ ብኣይ/ብኣና ዚቐርብ ዘሎ ኣቤቱታ፡ ምስ ምዕቃብ ውልቃዊ መሰል ብዚቃዶ መንገዲ ኣብ ስራሕ ይውዕል።
ሕጊ 5741 — 1981 እምበኣር፡ ንዝኾነ ክዙን ሕክምናውን ካልእን ሓበሬታ ኣብ ሳጹን ሓበሬታ ናይ ኩለን ትካላት፡ እንተላይ ማዕከናት ጥዕና ወይ ኣብኡ ዘለዉ ሓኻይም ወይ ሰራሕተኛታት ወይ ብኣታቶም ስልጣን እተወሃቦ ዝኾነ ሰብ ወይ ኣብ ላዕሊ እተነጸሩ ወሃብቲ ኣገልግሎት ዚርከብ ይምልከት።
ሸ. እዚ ሕድገት ኣብ ልዕለይ/ልዕልና፡ ኣብ ልዕሊ ንብረተይ(ና)፡ ኣብ ልዕሊ ወኪላተይ(ትና)፡ ከምኡ'ውን፡ ብመሰረት ሕጊ፡ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ዚትክኦም ቀያዲ እዩ።

እዚ ሕድገት ስሞም ኣብቲ እማመ ንዚሰፈረ፡ ሰፊሩ እንተ ኾይኑ፡ ንትሕቲ ዕድመ ደቀይ(ቅና) ይምልከት።

**ኣነ/ንሕና ምስዚ ሕድገት ንእተተሓሓዙ ኣዋጃት ብምሉኦም ኣንቢብና ከም እተረዳእናዮምን፡ ናይ ትሕቲ ዕድመ ደቀይ(ቅና) ቃለ-እምነት ብምሉኡ፡ ከም ባህርያውያን ወለዶም/ሞግዚታቶም መጠን፡ ብኣይ/ብኣና ከም እተወሃበን ነረጋግጽ፥**

| መጸውዒ ስምን ስም ኣባሓጎን | ቍ. ፓስፖርት | ፊርማ | ዕለት |
|---|---|---|---|
| | | | |